ሕጊ *(1982:316)* ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ዚኽልክል

# INFORMATION OM KÖNSSTYMPNING

*Tigrinja*

Sweden

# ምኽንሻብ

**ኣብ ሸወደን ብመሰረት ናይ ሸወደን ሕጊ (SFS 1982:316) ምኽንሻብ ክልኩል እዩ።**

ዝኾነ ነዚ ሕጊ ዝጠሓሰ ሰብ ክሳብ 10 ዓመት ክእሰር ይኽእል እዩ። ዋላ'ውን እቲ ምኽንሻብ ካብ ሸወደን ወጻኢ ይፈጸም። ፈተነን ምድላውን ምኽንሻብ እውን ዘይሕጋዊ እዩ። ከምኡ'ውን ንምኽንሻብ ንምፍጻም ዝደፋፍእ ሰብ። ምኽንሻብ ክፍጸም ምኺኑ እንዳ ፈለጥካ ንዝምልከቶ ኣካል ነቲ ጉዳይ ዘይምምልካት እውን ገበን እዩ። ብግብሪ ነቲ ምኽንሻብ መን ከም ዝገበሮ ብዘየገድስ፡ ወለዲ ናይ'ታ ጓል፡ ነቲ ምኽንሻብ ናይ ምኽልካል ሓላፍነት ኣለዎምን ኣብ ሸወደን በቲ ገበን ክፍረዱ ይኽሉን እዮም።

*ሕጊ (1982:316)* ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ዚኽልክል

LÄNSSTYRELSEN
ÖSTERGÖTLAND

Polisen

# ሳዕቤን

**ምኽንሻብ ጓል ኣንስተይቲ፡ ከም ግዝረት ጓል ኣንስተይቲ እውን ዝፍለጥ፡ ናይ ጓል ወይ ሰበይቲ ግዳማዊ ክፋል ብልዕቲ ንምቕያር ወይ ምጉዳእ ዝዓለመ ግህሰት እዩ። ምኽንሻብ ብብዙሕ መንገዲ ጉድኣት የስዕብ እዩ። ነዚ ዝስዕብ ጸገማት ድማ ሽዑንሽዑን ዳሕራይ ኣብ ሂወትን ከስዕብ ይኽእል፡**

- ኣብ ዝፍጸመሉ እዋን ብርቱዕ መድመይቲ
- ረኽሲ
- ቃንዛ ኣብ ከባቢ ብልዕቲ
- ጸገም ኣብ ምሻን
- ጸገም ኣብ እዋን ጻግነ (ጻድያት)
- ቃናዛ ኣብ እዋን ጾታዊ ርክብ ንኽልቲኦም ሰበይቲን ሰብኣይን
- ንጓል ኣንስተይቲ ካብ ምጥናስ ክዕንቅፋ ዝኽእል መጉዳእቲ
- ጸገማት ኣብ እዋን ሕርሲ
- ኣእምሮኣዊ ጉዳይ
- ሞት

# ዓይነታት ግዝረት ብልዕቲ

**ውድብ ጥዕና ዓለም ኣርባዕተ ዓይነት ምኽንሻብ የነጽር፦**

**1ይ ዓይነት፦** እቲ ጕድበን/ወይ ጕልባብ ናይ ጕድበን ተኣልዩ ኣሎ።

**2ይ ዓይነት፦** ጕድበ፡ ውሽጣዊ ከንፈር ሕምሲን ደጋዊ ከንፈር ሕምሲን ተቘሪጹ ኣሎ።

**3ይ ዓይነት፦** ጕድበ፡ ውሽጣዊ ከንፈር ሕምሲን ደጋዊ ከንፈር ሕምሲን ተቘሪጹ ናይ ርሕሚ ከፋት ንምሽፋን ብሓደ ተሰፍዮም ኣለዉ።

**4ይ ዓይነት፦** ኵሎም ካልኦት ንርሕሚ ጐዳእቲ ዝኾኑ ከም ምብሳ ዝኣመሰሉ  ኣገባባት:::

ሓደ ሓደ ግዜ ሰብ ብዛዕባ ዝተፈላልዩ ዓይነት ምኽንሻብ ( ምጕዳል ብልዕቲ) ክዘረብ ከሎ “ሱናህ” ይጥቀስ እዩ። ኵሉ ዓይነት ምጕዳል ብልዕቲ (ምኽንሻብ) ነቶም ብ”ሱናህ” ዝፍለጡ ሓዊስካ  ዘይሕጋው ያን እዮም።

Polisen

LÄNSSTYRELSEN
ÖSTERGÖTLAND

*ሕጊ (1982:316) ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ዚኽልክል*

*Detta material är framtaget av Länsstyrelsen Östergötland.*